# ኣብ ሃገርካ ጽናዕ

ቀደም ብንእሽቶይ ኣብ ስደት ዝዓበኹ
ብዙሕ ኣስፊሑ ዘይርዳእ ቆልዓ ከለኹ
ይገርመኒ ሕጂ ኩሉፈሊጠ ምስረኣኹ
ግን ዘይርስዖ ንረድዮ ኣብ እዝኑ ኣጸጊዑ
ንኣይ ኣብደገ ጠጠው ክብል ጸዊዑ
ድምጺ ሓፋሽ ክሰምዕ በይኑ ተሓቢኡ
ይዝከረኒ ኣቦይ ብሃገሩ ተሓቢኑ ኮሪዑ
ኣነ ሰብ ከይመጽእ ካንሸሎ ክሕሉ
ኣቦይ ራድዮ ክሰምዕ ኩሉነብሱ ጥሒሉ
ፍናን ሓበን ይህቦ ነይሩ ብሃገሩ ኹሉ
እወ ይዝከረኒ ኣብዚ ግዜ እንተዘይሎ
ምኽሩ ይረኣየኒ ብጽቡቕ የስተውዕሎ
ኣብ ሃገርካ ጽናዕ ሃገርካ ሃገርካዩ ክብለኒ
ኤርትራዊ መንነተይ ከየጥፍእ ክመኽረኒ
ናይቦይ ፍቕሪ ሃገር ኩሉግዜ ድምጹለኒ
ወለድና ሓብሒቦም ብፍቕሪ ክመኽሩና
ብሓባር ተጠርኒፍና ክንሕበን ብሃገርና
ኣንቢቦም ይኹን ሰሚዖም ድሃይ ክነግሩና
ዘይስበር ኤርትራዊ ቅልጽም ናህናዩ ክብሉና
ይዝከረኒ ናይቦይ ሰናይ ድሌት ከይነጠፍእ ቋንቋና
ብሌን ዓይንኹምን ኤርትራን ሐደየን ክብለና
ኣብገዛና ብዘይካ ትግርኛ ከይንዛረብ ኣምሐርኛ
ምእንቲ ሃገርናን ባህልናን ክይንርስዕ ተዓሽና
ጸሐይ ትኽወልእምበር ኣይትጠፍእን ኢሎም
ዓወት ናይ ኤርትራውያን ምዃና ኣስተውዒሎም
ኩሎ ነብሶም ኤርትራዩ ነይሩ ዋላቲ ቀይሕ ደሞም
እንተሞቱ ውን ኣብመሬትና ቅበሩና ይብሉኔሮም
ንሕናውን ኣብዝተፈላለያ ሃገራት ስደት ዘለና
ንደቅና ንንገሮም ቃልስንታሪኽን ሃገርና
ቋንቋን መንነቶምን ፈሊጦም ከወርሱ ባህልና
ኣውራጃን ዓድን እንዳመኽነኻ ዝግበር ስብስብ
ንሃገር ዘይጠቅም ናይ ጸበብቲ ኣይንሕሰብ
ብሐንቲ ኤርትራና ንኹራዕ ብሐባር ንተኣከብ
ዓለምና ቁሸት ኮይና ክትቀራረብ እንዳረኣና
ዘይጥዑይ ጸያፍ ተግባር ኣይንምሃር ንደቅና
ልብናን ደምናን ዝጠርነፈ ሃገርዩ መጸዊዒና
ስለዚ ኣይንፈላለ ኤርትራዊ ታሪኽ ይኹን መምህርና

ዓወት ንሓፋሽ

ብርሃነ ገብረመስቀል
30-01-2009